# 7ይቲ ሰንበት ዘኒቆዲሞስ
# ምሥጢረ ጥምቀት

ብኣባ ዓውተ ወልዱ፡ ማ. ሲቶ
sebabit2@yahoo.com



Figure 1 ኣምላኽ ንዓለም ክሳዕ ክንድዚ ኣፍቀራ ...

*"ብሓቂ ብሓቂ እብለካ አሎኹ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተዘይተወልደ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዝኽእል ከቶ የልቦን" (ዮሐ.3:5)*

ብመደብ አምላኽ፡ ጥምቀት፡ ብሽም ኣብን ወልድን መ.ቅዱስን፡ ካብ ማሕፀን ዮርዳኖስን፡ ካብ ኣብራኽ መንፈስ ቅዱስን፡ ብሓዲስ መንፈሳዊ ልደት፡ ናብቲ ክርስቶስ ዘምጽአልና ሓዲስ ሕይወት ምውላድ ኢዩ። (ማቴ.28፡19 ርኤ)

## ፀጋ ጥምቀት

ሀ. ካብ አቦና አዳም ንዝወረስናዮ ኃጢኣት ይድምስሰልና
ለ. ብዓበይትና እንተተጠመቅና፡ ንናይ ባዕልና ኃጢኣት'ውን ይድምስሰልና
ሐ. እንደገና ፍቱዋት ውሉድ ኣምላኽ ይገብረና
መ. ምስ ክርስቶስ የወሀህደና
ሠ. ኣባላት ሰውነት ክርስቶስ ናይ ዝኾነት ቤ/ክ ይገብረና
ረ. ቤተ መቅደስ መንፈስ ቅዱስ ይገብረና
ቀ. ኣብ ቤ/ክ ሰብ ምሉእ መሰልን ግዴታን ይገብረና።

ኣብ ሞትን ትንሣኤን ናይ ክርስቶስ ክንጥመቅ ከሎና፤ ብቡራኬን ብምሥጢራዊ መገድን፤ ካብ ጐድኒ መ.ኢ.ክ. ናብ ዝፈሰሰ ሕይወት ዝህብ ማይ ዝተለወጠ ማየ-ጥምቀት፡ እንደገና ንውለድ። ከም ናይ ጥንታዊት ቤ/ክ. ኣገባብ ጥምቀት ሠለስተ ጊዜ እናጥለቅካን እናውጻእካን ኢዩ ዝወሃብ። ኣብ ማይ ምጥላቅ፡ ምስ ክርስቶስ ንምማትና እንከመልክት፤ ካብ ማይ ምውጻእና ከዓ ምስ ክርስቶስ ንምትንሣእና የመልክት። (ሮሜ 6፡ 3 - 4)

ጥምቀት ሐደ ጊዜ ጥራሕ ኢዩ ዝወሃብ። ሐንሳብ ብፀጋ ኣምላኽ ንሠይጣን ክሕድና፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣሚና እንለብሶ መንፈስ ውሉድነት፡ ዘይድምሰስ፡ ዘይሃስስ፡ ዘይበሊ፡ ማኅተም ውሉድነትን፡ ኣባልነትን፡ ንክርስቶስ ዘምስለናን ኢዩ (ሮሜ 8፡ 29 ርአ)።

"ሰብ"፡ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተዘይተወልደ ናብ መንግሥቲ ኣምላኽ ክአቱ ስለዘይኽእል፡ ሕፃናት ከይተረፉ ክጥመቁ ይርከቡ፤ ምኽንያቱ ሕፃናት

"ሰብ" ኣብ ዝብል እትዋት ብምዃኖምን፡ ፀጋ ንኹሉ ብኣምላኽ ብነፃ ዝወሃበና እምበር፡ ንሕና ስለዝዓበና ወይ ስለ ዝተመሃርናን ዝተረደአናን ኣይኮነን ዝወሃበናን ዝሠርሕን (ቲቶ 3 ፡ 5)። ስለዚ ኵልና ደቂ ኣዳም፡ ኣብ ውዱቅ ባህሪን ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ኃጢኣትን ስለ ንውለድ፡ ካብ መግዛእቲ ኃጢኣት ካብ ኃይሊ ጸልማትን ኣውጺኡ ናብታ መንግሥቲ ፍቁር ወዱ ኣውጽአናን ድኃነናን።(ቆላ 1፡ 12-14)

ወለዲ፡ ነቲ ህያብ ኣምላኽም ዝኾነ ውላዶም፡ ብመንፈስን ብሥጋን ክሐልዩሉ ትሑዛት ብምዃኖም፡ ንሕፃናት ብዝከአል ኣብ ዝቀልጠፈ ከጠምቅዎም የድሊ። *(ሕገ ቀኖና ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስትያናት 681፣ 686፡1)*

ኣብ ናይ ምሥራቃውያን ኣብያተ ክርስትያናት ኣቡንን ካህንን ጥራሕ ኢዮም ከጠምቁ ዝኽእሉ። (ቀኖና 677፡ 1) ኣብ ናይ ላቲናዊት ቤ/ክ ዲያቆን'ውን ከጠምቅ ይኽእል። (ቀኖና 861፡ 1)

ጥምቀት፡ ንድኅነት ኣድላዪ ስለዝኾነ (ማር.16፡ 15፣ 1ጢሞ 2፡ 4) ብመደብ ዝተሠርዑ ኣገልገልቲ ኣብ ዘይርከቡሉ ሕፁፅ ኵነታት፡ ከም ሕጊ ላቲናዊት ቤ/ክ ዝኮነ ቤተክርስትያን ከተጠምቅ ከላ ንእትገብሮ እገብር ኣሎኹ፤ ዝብል ኀሊናንጹ፡ ሽም ቅድስቲ ሥላሴ ብዝርዝር ብምስማይን፡ ብባህርያዊ ንጹሕ ማይ፡ ዝኾነ ሰብ፡ ዝተጠምቀ ኮነ ዘይተጠምቀ፡ ከጠምቅ ይኽእል፤ ቢላ ተስተምህርን ትሕግግን። (ቀኖና 86/82)

ኣብ ምሥራቃውያን ካቶሊካውያን ኣብያተ ክርስትያናት ሥሩዕ ወሃብ ጥምቀት ኣብ ዘይርከበሉ እዋን፣

ሀ. ዲያቆን

ለ. ዝኾነ ኣባል ቤተክህነት

ሐ. ኣባል ውፉይ ሕይወት

መ. ካልእ ኣባል ሕዝበ ክርስትያን፡ ካልእ እንተዘየሎ ኣቦ ወይ ኣደ'ውን ከጠምቁ ይኽእሉ።

ከምዚ ዝበለ ኵነታት ክገጥም ከሎ፡ ዝኾነ ምእመን ባህርያዊ ጽሩይ ማይ ኣብ ርእሲ እቲ ዝጥመቅ ሠለስተ ጊዜ እናፍሰሰ *"እገሌ ኣነ ብሽም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣጠምቅካ ኣሎኹ"* ብምባል የጠምቕ።

ብኽምዚ ዝተጠመቀ ሕፃን፡ ምሉእ ብምሉእ ነቲ ፀጋ ጥምቀት ስለዝተቀበለ፡ እቲ ሥሩዕ ኣጥማቂ ኣብ ዝተረኽበሉ እዋን፡ ነቲ ዝተረፈ ጸሎታት ኣብ ልዕሊ እቲ ሕፃን ይጽሊ እምበር ነቲ *"እገሌ ኣነ ብሽም...."* ንዝብል ኣይደግሞን ኢዩ።

ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት ብፍላይ ሕፃናት ድሕሪ ምውላዶም ጥዕና ብምስኣን ከጋጥም ስለዝኽእል፡ቸ ኵሉ ምእመን ክፈልጦ ዘለዎ ጉዳይ ኢዩ።

ኣምላኽ ንማሕላ ጥምቀትና ብግቡእ ክነብር ብፀጋኡ የሰንየና።